The America Team for
Hope ተስፋ
Education ትምህርቲ
Opportunity ዕድል
Dignity ክብረት
Displaced Eritreans
www.EritreanRefugees.org

**27/05/2010**

# 11 ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሰላም ኣዲስ ኣበባ ኣትዮም፤

11ተ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ካብ 3-8 ኣዋርሕ ክሳቐዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ትማሊ 26 ግንቦት 2010 ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ዑቕባ መሰል ረኺቦም።

ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝኣተውሉ ሰዓት ከምቲ ልሙድን ሰናይ ግብርታትን ቤ/ጽሕፈት ምምሕዳር ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ (ARRA)፡ ድሕሪ ድሙቕ ኣቀባብላን ቀዳማይ ረዲኤትን፡ ኩነታት ጥዕንኦም ኣብ ሰላም ምህላዎም ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ብሰላም ናብቲ የሕዋቶም ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘዕርፍሉ ቦታ ኣፋንይዎም።

ቤ/ጽሕፈት ምምሕዳር ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ (ARRA) ክሳብ ሎሚ ዕለት 1277 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ግብጺ ተቀቢሉ ይርከብ።

የሕዋት ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝኣተውሉ ሰዓት ዘርኢ ምስሊ፡





## ዮሃና! እንቋዕ ናብ መበል 19 ዓመት! በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብጸሓና፤

## ብመንነቶም ዝሕበኑ ውጹዓትን ንጹሃትን ኤርትራውያን ስደተኛታት ንምሕጋዝ፤ ኢደይ-ኢድካ ንበል!?!.....